# ራእይ ዮሃንስ

## 5ይ ትምህርቲ፡ ምድላው ዮሃንስ ንራእይታት 1ይ ክፋል

ራእይ ዮሃንስ 1፡1-8 ናብቲ መልእኽቲ ናይ ራእይ ዮሃንስ ሓፈሻዊ መእተዊ ይህበና። ብድሕሪኡ ራእይ ዮሃንስ 1፡9-20 ካልኣይ መእተዊ ኰይኑ ብዛዕባ ራእይ ናይ እተን ሸብዓተ ማሕበራትን ናይቲ ኣብ ማእከለን ዘሎ ጐይታን ይውስኸልና። ግናኸ ቅድሚ ናብቲ ራእይ ናይ የሱስ ክርስቶስ ጐይታ ኣብ ማእከል ማሕበሩ ዝኣርእስቱ ምእታውና፡ ናብቲ ተኸታታሊ ራእይታት ዝመርሓና ዝስዕባ 6ተ ተመክሮታትን ምስክራትን ናይ ዮሃንስ ነስተብህለለን። እተን ኣርባዕተ ኣብዛ ክፋል እዚኣ፡ እተን ዝተረፋ ክልተ ድማ ኣብታ ካልኣይቲ ክፋል ክንዓመን ኢና።

1. ኣነ ዮሃንስ ሓውኹምን መማቕል ትኹምን፡
2. ኣነ ዮሃንስ ሓውኹም ብመዓልቲ ጐይታ፡
3. ራእይ ናይቲ ወዲ ሰብ ዚመስል፡
4. ስምባደ ዮሃንስ በቲ "ራእይ ናይቲ ወዲ ሰብ ዝመስል"፡
5. ኣይትፍራህ ንዮሃንስ፡
6. እቲ ንዮሃንስ ኣይትፍራህ ዚብሎ ዘሎስ መን'ዩ?

### 1. "ኣነ ዮሃንስ ሓውኹምን … መማቕልትኹምን" (1፡9)

ዮሃንስ፡ እዚ ጽሓፋይ፡ መን ምዃኑ ኣብቲ ካልኣይ ትምህርቲ ብሓጺር ተመልኪትናዮ ኔርና። ኣብዚ እንዛተየሉ ዘሎና ክፍሊ፡ ዮሃንስ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ "ኣነ ሓውኹም" እናበለ ዝጸቕጠላ ዘሎ ነጥቢ ነተኵረላ። በዚ እዋን እዚ ልዕሊ 80 ዓመት ብምንባሩ ብዕድመ ነቶም ዝጽሕፈሎም ዘሎ ዳርጋ ንኹሎም ይዓብዮም ነይሩ። ኣብተን ቅድሚ ራእይ ዮሃንስ እተጻሕፋ ክልተ ሓጸርቲ ደብድቤታቱ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ክጠቕስ ከሎ "ሽማግለ" ወይ ኣረጊት ይብል (2ይ ዮሃ 1፡1 3ይ ዮሃ 1፡1)። ኣብዚ ድማ ንኹላቶም "ኣነ ዮሃንስ ሓውኹም" ይብሎም። ብዕድመ፡ ብኣገልግሎት፡ ብመዓርግ … ወዘተ ዝበልጾም ክነሱ ገና "ሓዎም እዩ" ዝጽሕፈሎም ዘሎ።

ክርስትያናት ብየሱስ ክርስቶስ ኣሕዋት ምዃኖም ኣጸቢቖም ከስተማቕርዎን ከውቅየሉን ይግባእ። ከም ዮሃንስ፡ ሕውነቶም ብየሱስ ክርስቶስ ምጽንናዖምን ገድሎምን እዩ። እኳ ድኣ በዚ ጊዜ እዚ ኣዝዩ ዘድሊ ነገር ምኳኑ ብኹሉ ኹርናዓት ይርአ ኣሎ።

<u>"… መማቕልትኹምን"</u>

ዮሃንስ፡ ሓደ ስድራ ብክርስቶስ ምዃኑ "ሓውኹም" ምስ በሎም፡ ውስክ ኣቢሉ ድማ፡ ሕውነቱ ምስቶም ኣመንቲ ብሰለስተ ተመክሮታት ተሰሚዕዎ፡ "መማቕልትኹም ኣብቲ ኣብ የሱስ ዘሎ ጸባባ፡ መማቕልትኹም ኣብቲ መንግስቲ የሱስ፡ መማቕልትኹም ኣብቲ ኣብ የሱስ ዘሎ ትዕግስቲ" ይብሎም። ሓውኹም ብማዕዶ ዘይኰነስ ብቐረባ - መማቕልትኹም። ማርዶካይ ንኣስቴር ኣካል ህዝባ ምዃና ከይትርስዕ ከም ዘዘከራ፡ ክርስትያናት ድማ ከምኡ ሓደ ኣካል ምዃኖም ክዝክሩ ይግባእ።

በዚ እዋን እዚ ዮሃንስ ኣብ ደሴት ጳጥሞስ ብምኽንያት እምነቱ ተሓይሩ እዩ ነይሩ። ጳጥሞስ 40 ማይልስ (64 ኪሜ) ኣቢሉ ደቡባዊ ምዕራብ ካብ ከተማ ኤፌሶን ናይ ሎሚ ምብራቓዊ ቱርኪ እትርከብ ኣዝያ ንእሽቶን ኣኻውሕ ዝመልኣን ምድረ በዳ ደሴት እያ። መንግስቲ ሮማ ኣብ ኤርትራ (ከም ናኾራ) እሱራት ዝሕዩሩላ እያ ነይራ። ዮሃንስ ድኣ ኣብዚ እንታይ ይገብር ነይሩ?

ኣሕጽር ኣቢሉ "ምእንቲ ቓል ኣምላኽን ምእንቲ ምስክር የሱስን" ጸበባ ማእሰርቲ የሕልፍ ምንባሩ የተምብሃልና። እንታይ እዩ ነይሩ እቲ ገበኑ? ቃል ኣምላኽ ምምሃርን ምብሳርን እዩ ነይሩ ገበኑ። ምስክር የሱስ እዩ ነይሩ ገበኑ። ማለት ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ምስባኹ። ንየሱስ ክርስቶስ፡ ንቓሉ፡ ንመንግስቱ ብዘይ ማእከላይ መርገጽ መትከሉ ምግባር ብመንግስቲ ሮማ ከም ገበን ተቘጺሩ ጸበባ የሕልፍ ነይሩ። ቈሎሴ 1፡24 ግብ 14፡19-22 2ይ ጢሞ 3፡12 ራእይ 20፡4ን 6ን

22፡5 ወሲኽና ብምንባብ ጥራይ ክንርድኦ ንኽእል። እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ በቲ መንግስቲ ግፍዕታት ወሪድዎም ነይሩ። እሞ ንድላይ መንግስቲሲ ሕራይ ኢሎምዶ ብሰላም ይንበሩ?

እዚ ጸበባ እዚ ገና ሕጂ'ውን ኣየቋረጸን ዘሎ እሞ፡ ስለምንታይ እዩ መርገጹ ዘነጸረ ሰዓባይ ናይ ክርስቶስ ምኳን ከም ገበን ዝቑጸር?

እቶም ክርስትያናትከ ነዚ ግፍዒ ናይ ጸበባ ከመይ ገይሮም ተቐቢሎምዎ? እቲ ጽሑፍ በቲ ኣብ የሱስ ዘሎ ትዕግስቲ ተቐቢሎምዎ ይብል። ትዕግስቲ ናይ ሓደ ክርስትያን ናይ ሕመቕ ወይ ናይ ኢድካ ምሃብ ምልክት ኣይኰነን። "ኣብ የሱስ ዘሎ ትዕግስቲ" ተባሂሉ ዝልለ ናይ መትከል ትዕግስቲ እዩ። እቲ ክርስትያን ድማ ነቲ ዘጋጥሞ ጸበባ ከመይ ገይሩ ከም ዝቕበሎ ኣርኣያኡ የሱስ ክርስቶስ፡ ዝኽእሎ ብጸጋ ክርስቶስ፡ ዘሰንፎ ብጸጋ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ፡ "ኣብ የሱስ ክርስቶስ ዘሎ ትዕግስቲ" ተባሂሉ ኣሎ። ዮሃንስን ካልኦት ክርስትያናትን ይምከርዎ ነይሮም። ስለ ዘይተሓለሉ፡ ኢዶም ስለ ዘይሃቡ ድማ ነቶም ኣመንቲ መቃረቢኦም ኰይኑ። ጸበባ ንክርስትያናት መቀራረቢኦም፡ ተመሊሱ ዝዕወትሉ ኣጽዋር እዩ።

## 2. "ኣነ ዮሃንስ ሓውኹም … ብመዓልቲ ጐይታ" (1፡10-11)

እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ፡ ሰንበተ-ሰንበት ብሓንሳእ ተኣኪቦም የምልኹ ነይሮም። (ይዝምሩ፡ ቃል ኣምላኽ ይምሃሩ፡ ይጽልዩ … ነይሮም) እዚ ሕጂ'ውን ኣብ መንጎ ክርስትያናት ክቕጽል እምበር ኽዓብር ዘይብሉ ምኳኑ ክርስዕ የብሉን። ግብ 20፡7 1ይ ቈረ 16፡2 ግናኸ በዛ መዓልቲ እዚኣ፡ ዮሃንስ "መዓልቲ ጐይታ" ኢሉ ዝሰምያ ዘሎ ምስቶም ብጾቱ ተኣኪቡ ከየምልኽ በይኑ ኣብ ሕሱምን ርሑቕን ማሕዩር እዩ ነይሩ። በይኑ ከም ዘይኰነ ግና ብርግጽ ተረዲእዎ። ብሓሳቡን ናፍቖቱን፡ ብምዝካር፡ ምስ እቶም ተኣኪቦም ኣብ ጸሎት ዝነበሩ ናይ እምነት ኣሕዋቱ እዩ ነይሩ ብስጋ እኳ ምስኦም ክህሉ እንተ ዘይከኣለ። ዝበለጸ ድማ ብናፍቖት ጥራይ ዘይኰነስ ብምህላው ድማ እቲ ካብ ኩሉ ዝዓበየ ምስኦም ምህላዉ ተረዲእዎ። እቲ "እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ" ዝበሎ ሓቒ ኰይኑ ተመኪርዎ።

ዮሃንስ፡ ከምዚ ኢሉ ብልቡ ብምስትንታን ተዋሒጡ ከሎ፡ "ብድሕረይ፡ … ከም ናይ መለኸት ዝበለ ብርቱዕ ድምጺ ሰማዕኩ" ይብል። መለኸት ኣይኰነን ሰሚዑ ከም ብርቱዕ መለኸት ዝሰምዐ ገይሩ ጥራይ እዩ ገሊጽዎ ዘሎ። ሽዑ እቲ ድምጺ ነጺሩ ከምዚ ይብሎ፣ "ነዚ እትርእዮ ዘሎኻ፡ ኣብ መጽሓፍ ጽሒፍካ፡ ናብተን ኣብ ኤፌሶንን … ወዘተ ዘለዋ ስደዶ።"

ናይ ብሓቂ ክርስትያን፡ ግፍዐኛታት ንስጋኡ እኳ እንተ ቐየድዎ ንመንፈሱ ኣሲሮም ክይቕድዎ ግና ብፍጹም ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ማሕዩር ቀረባ ዝኸውንን ራእይ ዝህብን ክቕይድዎ ዘይክእሉ ክርስቶስ ድማ ኣሎ።

## 3. "ራእይ ናይ እቲ ወዲ ሰብ ዚመስል …" (1፡12-20)

ዮሃንስ ኣብ ሕሱም ማሕዩር ከሎ፡ወዲ ሰብ ዚመስል፡ ራእይ ናይ የሱስ ክርስቶስ ርእዩ።

3.1. ኣብ ማእከል ሾብዓተ ቀንዴላት ዝነበረ ርእዩ፡
3.2. ክሳዕ እግሩ እተኸድነ፡ ብቕናት ወርቂውን ክሳዕ ኣፍ ልቡ እተዓጥቀ ዚመስል ርእዩ፡
3.3. ርእሱን ጸጕሩን ጻዕዳ ኸም ጸምሪ ጻዕዳውን ከም ኣስሓይታ ዚመስል ርእዩ፡
3.4. ኣዒንቱ ከም ሃልሃልታ ሓዊ ዚመስል ርእዩ፡
3.5. ኣእጋሩ ኣብ ሓጕዶ ኸም ዝረሰነ ዜንጸባርቕ ኣስራዚ ሊባኖስ ዚመስል ርእዩ፡
3.6. ድምጹ ከም ድሃይ ብዙሕ ማያት ዚጥዕም ዚመስል ሰሚዑ፡
3.7. ኣብ የማናይ ኢዱ ሾብዓተ ከዋኽብቲ ዝሓዘ ዚመስል ርእዩ፡
3.8. ካብ ኣፉውን ክልተ ዝኣፉ በሊሕ ሰይፊ ዚወጽእ ዚመስል ርእዩ፡
3.9. ትርኢቱውን ከምታ ብሓይሊ እትበርህ ጸሓይ ዚመስል ርእዩ፡

ነዚ መስተንክር ራእይ ናይ የሱስ ክርስቶስ ንዮሃንስ እተገለጸሉ ከም ሓደ ኣርእስቲ ንበይኑ ብዝርዝር ክሳዕ እንምልከቶ፡ ከም ትሽዓተ ነጥብታት ዝሓዘ ራእይ ተዓዚብና፡ ኣብ ምርዳእና ዓቕሮናዮ ንጽናሕ።

## 4. ስንባደ ዮሃንስ (1፡17)

ዮሃንስ ነዚ ኣብ ላኦሊ ዝተጠቕሰ ራእይ ምስ ረኣየ ከም ምዉት ኰይኑ ሃለዋቱ ጠፊኡዎ ወዲቑ። እዚ ዮሃንስ እዚ ንሰለስተ ዓመታት ኣቢሉ ወዲ መዝሙር የሱስ እዩ ነይሩ። በዚ እዋን እዚ ንየሱስ ክርስቶስ ኣጸቢቑ ከም ዝፈለጠ ኣትሪሩ ብዛዕባኡ ከረድእ ከሎ "ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ እቲ በዒንትና ዝርኤናዮ፡ እቲ ዝጠመትናዮ፡ ኣእዳውና ዘረምሰሳኦ፡ …" እናበለ ይዛረብ። ብድሕሪኡ ሃዋርያ ኰይኑ ካብ ዘገልግሎ ድማ በዚ ራእይ ዝርኣየሉ እዋን ልዕሊ 60 ዓመታት ኰይኑ ነይሩ። እንታይ ኰይኑ ድኣ እዩ ሕጂ "ምስ ርኤኽዎ … ከም ምዉት ኰይነ ኣብ ኣእጋሩ ወደቕኩ" ኢሉ ክሳዕ ክንድኡ ዝሰምበደ?

የሱስ ክርስቶስ ስጋ ለቢሱ ኣብዚ ምድሪ ከሎ፡ ንኣና ምእንቲ ክመስል፡ ምቕራቡ ምእንቲ ኽንክእል ነቲ ዘይድፈር እጹብ መለኮታዊ ክብሩ ከዊልዎ እዩ ነይሩ። ሓዲስ ኪዳን ብዛዕባ እዚ ደጋጊሙ ይነግር። ነዚ ምግታእ እዚ ጳውሎስ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ፊሊጲ ከምዚ ኢሉ ይዛረበሉ፡

> "ንሱ (የሱስ ክርስቶስ) ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ፣ ነቲ ማዕረ ኣምላኽ ምዃኑ ኸም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን።
> መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሰረ፣ ሰብውን መሰለ፡ ብንብረቱ ከም ሰብ ኰይኑ ተረኽበ፣፣
> ርእሱ ክሳዕ ሞት ኣትሓተ፡ ክሳዕ ሞት መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ።" (ፊሊ 2፡6-8)

ነብይ ዳንኤልን ካልኦትን ተመሳሳሊ መለኮታዊ ራእይ ናይ ኣምላኽ ዝረኣዩ ከም ዝሰምበዱ የዘንትዉ። (ዳን 7፡18ን 27ን 10፡7-9ን 17ን ዘጽ 33፡20 ኢሳ 6፡5 ህዝ 1፡28 43፡3)

**ቀጻሊ ትምህርቲ**